# ንጥፉእ ኪደሊ ኬድሕኖ እዩ ዚመጸ



ጋሻ ንጋሲ ደስታ

**"ወድ ሰብ ንጥፉእ ኪደልን ኬድሕንን እዩ ዝመጸ" (ሉቃ 19፡9)።**

ዘኬዎስ፡ ቁመቱ ሓጺር ስለ ዚነበረ፡ ሰባት ከኣ ስለ ዚኸውልዎ፡ ንየሱስ ምርኣይ ከመይ ሓርቢትዎ ከም ዚነበረ ንግንዘብ። ይኹን እምበር፡ ኣብ ክንዲ ተስፉ ቆሪጹ 'ደሓን ይትረፈኒ' ኢሉ ምርኣዩ ዚርስዖ፡ ኺርእየሉ ዚኽእል መገዲ ተባላሓተ።

ኣብቲ ጊዜ እቲ ብዙሓት ሰባት ንየሱስ ከቢቦምዎ እዮም ዚኸዱ ነይሮም። ኣብቲ ፈለማ፡ ዘኬዎስ፡ እቲ ንየሱስ ናይ ምርኣይ ዚነበሮ ምህንጣይ ከምቲ ባህጊ ልቡ ኣይኮነሉን።

ዘኬዎስ ከም ስሙ፡ ገርሂ ሰብ እዩ ነይሩ፡፡ እቶም ንየሱስ ክርስቶስ ዓሲሎምዎ ዚነበሩ እኩባት ህዝቢ፡ ሓፋሽ፡ መካየድቲ መገዲ እዮም ነይሮም። ዘኬዎስ ግና ንየሱስ ኺርእዮ፡ ኺፉለጦ ስለ ዘንቀደ፡ፍልይ ዝበለ ዕላማ ነይርዎ። የሱስ ነቶም ዚደልይዎ ቀረባኦም እዩ። ነቶም ናብኡ ዚመጹ ኸኣ ከቶ ንየው ኣይብሎምን እዩ። ንየሱስ ናይ ምፍላጥ ሃረርታ ኣሎካዶ? ኣሎኪዶ?

ዘኬዎስ ንየሱስ ኺርእዮ ኣንቂዱ ስለ ዚነቐለ፡ ምንም እኳ ካብኡ ዚነውሐ ሰባት ምርኣዩ ክሳዕ ዚስእን እንተ ኸልከልዎ፡ ኣብ ኦም ሳግላ ኺሓኵር ተጣበበ። ከምዚ ናቱ፡ እቲ ቑመትና ኣይከውንን ይኸውን፡ ግና ንየሱስ ካብ ምፍላጥ ዚኽልክሉና ሓያለ ነናትና ዓንቀጽቲ ኣለዉ፤ ንገሌና ሕማቕ ጠባያት ከምኡ'ውን ግናይ ኣመላትን እከይ ተግባራት፣ ንገሌና ኸኣ ዝተፈላለየ ሓጢኣት ኰይኑ ዚረኣየና ኪኸውን ይኽእል። ካልእ እውን፡ ፈተውትና፡ እዕሩኽትና፡ ወይ መሳርሕትና ወይ መማህርትና ወዘተ፡ ናብ የሱስ ንምምጻእ ኸይነ ን ቅድ በብመገዶም ኸልከ ልትና ኪኾኑ ይኽእሉ።

ዜኬዎስ፡ እቲ ንየሱስ ክርስቶስ ንኸይርእዮ ዓጋቲኡ ዚነበረ ኸይዕወት፡ ተጣቢቡ። ከምኡ ድማ ንሕና፡ እዞም ኵሎም ከም ምሳሌ ጠቒስናዮም ዘሎና ዓገትቲ ኸልከልትና ኸይኰኑ፡ እንገብሮም ባዕልና ምስ እነንቅድ እዩ። ስለዚ እቲ ውሳኔ ናይ ነፍሲ ወከፍና እዩ።

ዘኬዎስ እቲ ሕጽሩ፡ ኣብ ቅድሚ ሰብ ኣየሕፈሮን። ኪቕይሮ ዘይክእል ምኳኑ ተረዲኡ ድማ ካብቲ ዚደልዮ ብእኡ ኸይክልከል ኸም ዚመደብ ካብቲ ዚገበሮ ተግባር ኽንዕዘብ ንኽእል።

ዘኬዎስ በይኑ ኣይነበረን፡ ኣብኡ ብዙሓት ተዓዘብቲ ነይሮም እዮም፡ ግና ብእኡ እውን ኣይተሰከፈን። እዚ ኸኣ፡ ካልእ ብዘየገድስ፡ እቲ ንልቡ ኣብታ ህሞት እቲኣ ዓዚዝዎ፡ ንኣእምሮኡ ድማ መሊእዎ ዚነበረ ሃረርታ ንየሱስ ምርኣይ ጥራይ እዩ ነይሩ። እዚ ሃረርታ እዚ፡ ኣብታ እዋን እቲኣ ናብ የሱስ ደኣ እምበር ናብ ካልእ ንኸየተኵር ዓዚምዎ ኸም ዚነበረ ግሉጽ እዩ። ስለዚ ኸኣ ነታ ኣብ ጥቕኡ ዚነበረት ኦም ሳግላ ደዪቡ ኺውጥሓ መደበ። ኣብኣ

ሓኹሩ ድማ ንየሱስ ኺርእዮ ኽኣለ።

ንየሱስ እንፈልጠሉ ቍጽሪ ዘይብሉ ዕድላትን ኣጋጣሚታትን ኣሎ። ቤተ-ክርስትያን ምኻድ ሓደ መገዲ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ምንባብ ሓደ ተወሳኺ መገዲ እዩ። ምዕዶን ምኽርን ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ዚፈልጡ ክርስትያናት ሰሚዕካ ምስትንታን፡ ነቲ ዚበልዎ ድማ ባዕልኻ ንኽትርእዮስ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ብመጽናዕቲ ምንባብ ኣብ ድማ ሓደ ኻልእ መገዲ እዩ።

ስለዚ፡ ንየሱስ ክርስቶስ ንምርኣይ፡ ናብኡ ንምቕራብ፡ ንዘጋጥሙና ዕድላት ከየባኸንና ንጠቐመሎም። ዘኬዎስ ንየሱስ ዓይኒ ንዓይኒ ርእይዎ። ንሕና ግና እቲ ድልየት ኣብ ልብና ዘሕደረ ኣምላኽ ብዓይኒ መንፈስ፡ ብእምነት ኽንርእዮ የኽእለና እዩ።

ኒቀዲሞስ ንየሱስ ርእይዎ፡ የሱስ'ውን ከምኡ ንኒቀዲሞስ ርእይዎ። ግና ምርኣዩ ጥራይ እኹል ከም ዘይኰነ ኺምህሮ፡

"እቲ ካብ መንፈስ እተወልደ መንፈስ እዩ፡ እቲ ካብ ስጋ ዝተወልደ ድማ ስጋ እዩ:: ካብ ላዕሊ ክትውለድ ኣሎካ ስለ ዝበልኩኻ ኣይትገረም" (ዮሃ 3፡3) ይብሎ።

እቲ ዜገርም፡ ዘኬዎስ ቅድሚ ንየሱስ ምርኣዩ፡ የሱስ ንዘኬዎስ ድሮ ርእይዎ ጸኒሑ። ኣብ ወንጌል ሉቃስ ኣብ 19፡5 ከም ዚሕብሮ ኸኣ፡

"የሱስ ድማ ኣብታ ቦታ ምስ በጽሔ፡ ኣንቃዕሪሩ ጠሚትዎስ፡ ዘኬዎስ ሎሚ ኣብ ቤትካ ኽውዕል ይግብኣኒ እዩ'ሞ ቀልጢፍካ ውረድ በሎ"።

ኣይገርምንዶ? ነቲ ዕስለ ሰብ ሕድግ ኣቢሉ ድማ፡ የሱስ ናብ ዘኬዎስ ብምንቅዕራር ኣተኲረ። ሽዑ ዘኬዎስ ብልቢ፡ ድሌት የሱስ ዚነብሮ ሰብ እዩ ነይሩ። ከም ባህጉ ድማ ኰነሉ።

እምበኣርሲ፡ ንሕና ድማ ንየሱስ ክርስቶስ ብልቢ እንተ ደለናዮ ከምቲ ናይ ዘኬዎስ ብርግጽ ኪርከበልና እዩ። ብልቢ እንተ ደኣ ጸዋዕናዮ ብርግጽ ድማ ኺምልሸልና እዩ።

ንሕና ድኣ ድንዙዛት ንኸውን እምበር ንሱስ ወትሩ ዚጽበ፡ ናባና ገጹ ድማ ዚጥምት ኣምላኽ እዩ። ኣረ ንነፍሲ ወከፍና ኼድሕን ይልምን እዩ ዘሎ።

"እንሆ ኣብ ደገ ቤት ደው ኢለ ኳሕኳሕ ኤብል ኣሎኹ፡ ሓደ እኳ ድምጻይ ሰሚዑስ ማዕጾ እንተ ኸፈተለይ ናብኡ ኺኣቱ ምስኡ ኽኣ ኽድረር እየ፡ ንሱ'ውን ምሳይ" (ራእ 3፡20)።

ሰብ ምስ ኣምላኹ ኪራኸብ ካብኡ ዚዓቢ በረኸት የልቦን። እምበኣርከስ ነቲ ደገ ልብና ዚሃርም ዘሎ ጐይታ ኣይንንጸጎ፤ ሕራይ ንበሎ። ሽዑ ንሱ ኣባና ኺነብር ይጀምር፣ ንሕና ድማ ምስኡን ብእኡን ንነብር እሞ፡ በረኸትና ይዓዝዝ፡ ናብራና ኸሉ ዕጋበት ዘለዎ፡ ሰላም ዚሰፈኖ፡ ብዓቢኡ ድማ ህያው ተስፋ ህይወት ዘለኣለም ዘንጸባርቕ ይኸውን።

"ዘኬዎስ ቀልጢፉ ወረደ ተሓጒሱ'ውን ተቐበሎ" (ሉቃ 19፡6)። እስከ ነዘን ቃላት እዚኣተን ልቢ ጌርና ኽነስተውዕለለን ንጀምር። ዘኬዎስ ንየሱስ ምስ ተራኸቦ ሓጐስን ምቕባልን ኰነሉ። የሱስ ዘለዎ ህይወት፡ ሰላም ህይወት እዩ፤ ተመስገን እትብለሉ ህይወት እዩ። እናሓደረ ድኣ ሕጉስ ይኸውን እምበር ኣብቲ ንሱ ዘለዎ ህይወትን ናብራን ሕሰም፡ መከራ፡ ዓቕሊ

**ጽበት፡ ሰሃሮ ኣይከውንን።**

**እቲ ጽሑፍ፡** “ብጐይታ ኹሉሳዕ ተሓጐሱ፡ ደጊመ ተሓጐሱ እብል ኣሎኹ፡” **ከም ዚብሎ (ፊሊ. 4፡4)፡ ዘኬዎስ ከኣ ካብታ ንየሱስ ዚረኸበላ ሰዓት ጀሚሩ እተለወጠ ሰብ ኰይኑ፡ ፡ ዚዓመጾ ገንዘብ እንተ ድኣ ነይሩ፡ ኣርባዕተ ዕጽፊ ገይሩ ኺመልሶ መዲቡ።መገዱ ምስ ኣምላኹ ኣቕኒዑ፡ ምስ ሰባት ብጾቱ ድማ ዕርቅን ሰላምን ዚገብር፡** “ፈረቓ ጥሪተይ ንድኻታት እህብ” **ክሳዕ ዚብል ለጋስ ሰብ ኰይኑ።**

**እወ ሓደ ሰብ ንየሱስ ክርስቶስ ረኺቡ ምስ ተቐበለ እተቐየረ ሰብ እዩ ዚኸውን። ተንኰለኛ እንተ ነይሩ ሰናይ፣ ሃሳይ እንተ ነይሩ ደንጋጻይ፣ ጨካን እንተ ነይሩ ሕያዋይ፣ ሓሳዊ እንተ ነይሩ ሓቀኛ፣ ክሒዳ እንተ ነይሩ እሙን፣ ገፋዒ እንተ ነይሩ መፍቀሪ፣ ወዘተ ይኸውን። ብሓፈሽኡ ዂለንትናኡ ኣምላኽ ብዚፈትዎ መገዲ እተቐየረ ሰብ ይኸውን።**

**እወ፡ እቲ ናይ ቀደም ባህ ዘየብል ሓሊፉ፡ ዂሉ ባህ ዘብል ሓድሽ ይኸውን። እዚ እቲ መልእኽቲ ወንጌል እዩ። እምበኣር ከምኡ ኾይኑ እዩ ዘኬዎስ ብጸጋ ኣምላኽ እተለወጠ ሰብ ዚኾነ። ሓድሽ ኪዳን ነዚ ለውጢ እዚ፡ ምድሓኑ እተረጋገጸሉ ሰብ ይብሎ።**

> “የሱስ ድማ ወዲ ሰብ ንጥፉእ ኪደልን ኬድሕንን እዩ ዝመጸ እሞ ንስኻ ወዲ ኣብርሃም ስለ ዝኾንካ ሎሚ ነዛ ቤት እዚኣ ምድሓን ኰነላ በሎ”**(ሉቃ 19፡9-10)።**

**ሓደ ሰብ ካብ ሓጢኣቱ ከም ዚደሓነ፡ ይቕረ ከም እተባህለሉ ናይ መጀመርታ ምስክሩ የሱስ ክርስቶስ ባዕሉ እዩ። ንሓደ ሰብ፡ መሳትኡን ካልኦትን ኺንእድዎ ይኽእሉ፣ ኺባጭውሉ’ውን ይኽእሉ። የሱስ ክርስቶስ ግና እቲ ናይ ምድሓን ጐይታ ንሱ ባዕሉ ስለ ዝኾነ፡ እቲ ምስክሩ ሓቂ እዩ። ስለዚ ብውሽጡ ኽሳዕ ዚፍለጦ እቲ ዜረጋግጸሉ ባዕሉ የሱስ እዩ።**

**እሞ፡ ሰላም ልቢ ረኺቡ፡ ጸጋ ኣምላኽ እናስተማቐረ ብሩኽ ህይወት ኺነብር ይጅምር። በዓል እምነት፡ ተስፋ፡ ፍቕሪ፡ ቅድስና ኾይኑ ይነብር። ንዅሉ ህይወቱን መነባብሮኡን ከኣ ብዓይኒ ጐይታ እናረኣየ፡ ትብዓትን ሓርነት ዚመልኦ ህይወት ዚነብር ሰብ ይኸውን።**

> “ንስኻትኩምሲ ነቲ ብእኡ ጌርና ኣባ ኣቦ ኢልና እንጽውዓሉ መንፈስ ውልድነት ኢኹም እተቐበልኩም እምበር መንፈስ ባርነት ከም ብሓድሽ ንፍርሃት ኣይተቐበልኩምን፡፡ ስለዚ እቶም ብመንፈስ ኣምላኽ ዚምርሑ ዘበሉ ንሳቶም ውሉድ ኣምላኽ እዮም፡፡ ውሉድ ኣምላኽ ምዃንና ኸኣ እቲ መንፈስ ባዕሉ እዩ ምስ መንፈስና ኾይኑ ዚምስክር” **(ሮሜ. 8፡14-16)።**

**ሓደ ሰብ ከምዚ ኾይኑ ናይ ኣምላኽ ሰብ ምስ ኰነ እቲ ዚስዕቦ በረኸት እዩ። ዘኬዎስ ኣማኒ ብምዃኑ ንዅሎም ስድርኡ በረኸት ኣምጽኣሎም። የሱስ፡** “ንስኻ ወዲ ኣብርሃም ስለ ዝኾንካ ሎሚ ነዛ ቤት እዚኣ ምድሓን ኰነላ” **ኢልዎ (ሉቃ 19፡10)።**